ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት حزب النهضة الإرتري- الأساس

Eritrean Nahda Party- Meseret

## መግለጺ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት ብምኽንያት

## ብምኽንያት 8 መጋቢት ዓለምለኻዊ ማዓልቲ ደቂንስትዮ።

ኣህጉራዊ ማዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ (8 መጋቢት)፡ ዓመት ዓመት እንዝክራ ኣዝያ ክብርቲ ዕለት እያ። ምኽንያቱ፡ ጓል ኣንስተይቲ፡ ኣብ ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን፡ ባህላውን ፓለቲካውን ኣበርኩታኣን ዓቢ ተራኣን: ጾታዊ መሰላን ንምኽባር ብኣህጉራዊ ደረጃ ትኽብር ኣዝያ ኣገዳሲት ዕለት ስለ ዝኾነት። እዛ ዕለት እዚኣ ካብ 1909 ዓ.ም ጀሚራ ኣብ ገለገለ ሃገራት ክትከብር ድሕሪ ምጽናሓ፡ ካብ 1975 ዓ.ም ጀሚራ ግን ብደረጃ ሕቡራት መንግስታት ከም ትኽበር ስለ ዝተገብረ፡ እነሆ ሎሚ ብኣህግራዊ ደረጃ ትኽብር ዘላ ፍልይቲ ዕለት እያ ።

8 መጋቢት፡ ኣብ መብዛሕትኡ ሃገራት፤ ብዝተፈላለየ መልክዕን ኣገባብን ትዝከር ዕለት ኮይና፡ ንማዕርነት ጓል ኣንስተይቲ ዘንጸባርቅ ዝተፈላለየ ምርኢትን፡ ንጥፈታትን ይካይደ። ኣብ ኤርትራ'ውን ካብ ግዜ ሳውራ ጀሚሩ፡ በብዓመቱ ትኽብርን፡ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ኣብቲ ናይ 30 ዓመት ሓያልን ጽንኩርን ብረታዊ ቃልሲ፡ መሪሕ ግዴኣን ፍሉይ ተራኣን ንምንጽብራቅ ብፍሉይ ኣገባብ እያ ትኽብር ነይራ።

ይኹን እምበር፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ብሰንኪ ጉጉይ ፓሊሲ ስርዓት ህግደፍ፡ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ፡ ወሊዳ ዝመኸነት፡ ክብረታ ተነፊጋ ንኣደዳ ስደትን ግዳይ ምድረ-በዳን ዓመጽ ረሻይዳን፡ ከምኡውን ቀለብ ዓሳታት ቀላያት ሜድትራንያን ዝኾነትላን፡ ፍረ ጻማኣ ዝተነፈጋ፡ ነዛ ዕለት እዚኣ ከተኽብር ዘይታዓደለት ፍጥርቲ ኮይናʼላ ።

ብጋጣምʼዛ ክብርቲ ዕለት እዚኣ፡ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት፡ ንኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ እንቋዕ ኣብዚ ኣብቃዓና እናበለ፡ ክብረታን መሰላን ንምምላስ፡ ከምቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ፡ ሕጂʼውን ንፍትሕን ማዕርነትን ብዓቢኡ ድማ፡ ኣብዚ ንህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ኣደራዕ ናይዚ ገባቲ ስርዓት ንምግልጋል፡ ከምቲ ልሙድ መሪሕ ግደ ክህልዋ መድረኽ ባዕሉ ይጽዋዓʼሎ።

**ማዕርነት ክብርን ንኤርትራውያን ደቂንስትዮ**
**ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**
**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**
**ቢት ጽሕፈት ክፍሊ ዜናን ምንቅቃሕን (08.03.2019)**